# ፩ይ ሰንበት ዘፍልሰታ

## ነሓሰ 12 2016 ዓ.ም. (08/18/2024)



ሰላም ለፍልሰተ ሥጋኪ ምስለ ነፍስኪ ኢመዋቲ በተሰናዕዎ አሐቲ፡

መዝሙር፡ ዛቲ ይኢቲ. .ማርያም ማኅደረ መለኮት...

ንባባት፡ ኤፌ. 4:30-5:2፥፥ 2ዮሓ 1፡1-7፥ ግ.ሓ.27፡39-ፍ፥ ዮሓ 6:41-51።

ምስባክ፡ አዋልደ ነግሥት ለክብርከ ወትቀውም ንግሥት በየማንከ። በአልባሰ ወርቅ ዑፅፍት ወሑብርት። ናይ ነገስታት ውሉድ ንኽብርኺ እዮም፥ ብናይ ወርቂ ልብሲ ተጎናጺፋን ተሰሊመን፥ እታ ንግስቲ አብ የማንካ ትቐውም" መዝ. 45፡9።

ኵልና አብ የማን አምላኽ ክንቀውም ዝተሓረና ኢና። ማርያም ንሰማይ መሪሓ ክተእትወና ምእንቲ ነዚ ሰንበት ብፍሉይ ክነስተንትን ንዕደም አሎና። እዋናት ፍልሰታ ብማርያም መገዲ ሰማይ ክንደሊ እሞ ጉዕዞና ምስአ ክንገብሮ ንምህለል። ምስጢር ምህልላና ኵልና ደቃ ብሓደ አብ አምላኽ ክተብጽሓና እዩ።

መዝሙር፡ እዚአ እያ ማርያም መኅደር መለኮት ሰንበት ክርስትያን ዝተሰምየት። ከምቲ ዳዊት ዝበሎ አዒንተይ አብ ልዕሊ ነዋሕቲ አድባርት ገጸይ ጠመትኩ እዚአ ቅድስቲ ድንግል እያ ካብ ኩሎም ፍጥረት እትበልጽ ናይ መለኮት እሳት ዘይአውዓያ ይብል። ንማርያም ምፍላጥ ማለት ንግብሪ አምላኽ ምፍላጥ እዩ፥ አብአ ተግባር እግዚአብሔር ንርእዮ። ማኅደር ልዑል ንብላ ምኽንያቱ አብአ ካልአይ አካል ቅድስቲ ስላሴ ኃዲሩ ካብአ ባህርና ስለ ዝወሰደ። ማርያም ውሃቢት አምላኽ ፍልይቲ ፍጥረት እያ። ነዚ ዕሞቕ ምስጢር አምላኽን ማርያምን ክንርዳእ ንማርያም ምሃርና ክንብላ ይግብአና።

ብማርያም አቢልና አብ ኢየሱስ ክንቀርብ ድላይ አምላኽ እዩ፥ ንሳ አደ ክትኮነና ተዋሂባትና መገዲ ሰማይን ድላይ አምላኽ ክትመርሓና ባዕሉ ወዳ ሂቡና። አምላኽ አብኡ ክንቀርብ ናቱ ክንከውን ኵሉ ጊዜ ምስ ደለየና እዩ፥ ብሂጉ ዝፈጠረና አምላኽ ሎሚ እውን በዚ ቅዱስ እዋን ብፍሉይ አብኡ ዘቕርበና ምስኡ ዘወሃህደና መገዲ ክነናዲ ድላዩ እዩ።

ሓደ ካብቲ ባዕሉ ከሉ ጊዜ ምሳና ክነብር ዝሃበና ህያብ ቅዱስ ቍርባን እዩ። ቅዱስ ቍርባን ዝዓበየ ምልክት ፍቕርን ኩሉ ጊዜ ምሳና ከምዘሎ ዝነግረና እዩ። አብ ጉዕዞ ሕይወትና ከይንደክም ኢሉ ምስ ምሉእ ሓይልን አፍልጦን ክንምርሽ ኢሉ ከምቲ ንኤልያስ ነብይ አብ ፩ዘነ 19፡4-8 ዘሎ እነንብቦ፥ ኤልያስ አብ አጻምእ በረኻ ክከይድ እንከሎ ደኺሙ ጸሚኡ ጠምዩ ንሞት እናተመነየ እንከሎ አምላኽ መልአኹ ሰዲዱ ጉዕዝኡ ክቕጽል መግብን ማይን ሂብዎ፥ ተንስእ ነውሕ ጉዕዞ እትኽዶ አሎካ እናበለ ጉዕዝኡ ከም ዝቕጽል ዝገበረ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ከኡ ይብለና አሎ።

አብዚ ብዙሕ ንሕይወትና ዝጠቅም ክንርኢ ንኽእል። ብዙሓት አብ ሕይወትና ከም ኤልያስ ኢና። ንደክም ንጠሚ ከምኡ መገዲ ክንቅይር ንደሊ እዚ ኹሉ ግን ካብ መገዲ አምላኽ ዘውጽእ እዩ። ንድላይ አምላኽ ክንስዕብን ጽን ክንብል ንአምላኽ ክንዝክር አሎና። ኤልያስ ነብይ ብዙሕ ጊዜ ምስ አምላኽ ዝራኸብ ዝነበረ ንንጉሥ አሃብ ብድፍረት ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ጌጋ ብስም አምላኽ ዝተዛረበ ከምኡ አብ ገዛ መበለት ንተአምራት አምላኽ ዝመስከረ ከምኡ ካብ ሰማይ ሓውን ማይን

ከምዝወርድ ዝገበረ ሰብ እንከሎ ኣብዚ ጉዕዞ በረኻ ደኺሙ ሰልክይዎ ሞት ተመንዩ። ኣብ ከቢድ ተስፋ ቊርጸት ዅሉ ነገራት ትርጉም ምስ ሰኣነሉ ኣምላኽ ሽዑ ክምግቦን ንጉዕዞ መገዱ ክቕጽልን ሓጊዝዎ። እሞ ካብ ኤልያስ እንታይ ንምሃር? ቅልል ብዝበለ ኩሉ ትጽቢታትና ኣብ ኣምላኽ ክንገብር ኣሎና። ኣምላኽ ኣብ ዝደለዮ እዋን ክመጽኣና ክሰምዓና እዩ ክሳብ ሽዑ ብትዕግስቲ ክንጽበ ኣሎና። ሓልዮትን ሓለዋን ኣምላኽ ዅሉ ጊዜ ምሳና ከምዘሎ ክንዝንግዕ የብልናን። ካልእ ቀንዲ ነገር እሞ ዓቢ ምትብባዕ ክኾነና ዝኽእል እሞ እንምሃሮ ስሕታን ወይ ጌጋ ምግባር ተሳዒርና ማለት ኣይኮነን ወይ ኣኹሉ ሕይወትናን ጉዕዞናን ተወዲኡ ማለት ኣይ ኮነን።

ሕይወት ማርያም ብፍሉይ ኣብ ክልተ ነገር ኣብነትና እዩ።

- ፩ይ ጉዕዞ ግብጺ፡ ሕፃን ወዳ ሒዛ ንግብጺ እሞ ነቲ ኣጻምእ በረኻ ሲና ክትጉዓዝ እንከላ ዝተሰምዓ ድኻምን ጽምእን ጥመትን ዘሕለፈቶ። ኣብ ምህልላ ፍለሰታ ነዚ ብዝርኢ "ከርስኪ ጠግዐ በኃጢአ ስቴ ወመብልዕ። ቈቊዓ አእጋርኪ ልምሉማት በሓዊረ ፍኖት ጽጉዕ፥ አብራክኪ ደክማ በፍኖት እምብዝኃ ረኃብ ወጽምእ. . . . " እናበልና ነቲ ዝሓለፈቶ ንዝክር።
- ፪ይ ሞት ኣብ መስቀል፡ ኣብ ቀራንዮ ወዳ ክመውት ክትርእዮ እንከላ ነቲ ኹሉ ዝወረዶ ግፍዒ ክትጻውር ምኽኣላ ንኣና ዓቢ ኣብነት እዩ። ኣብ ሕይወትና ዝጓነፈና መጠኑ ብዘየገድስ ምስ ኣምላኽ ክንሓልፎ ከሎና ዘይክኣል የለን።

ኣብ መልእኽቲ ጳውሎስ ንሎሚ ዝተነበ ከዘኻክር እንከሎ ከም ደቂ ኣምላኽ መጠን ነፍስ ወከፍና መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልና ኢና። እቲ ዝተቐበልናዮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና መራሒና ጸግዕናን ዘሰንየን እዩ። ንሕና እምብኣር ኣሚና ምስኡ ክንጉዓዝ ኣሎና። ንኣምላኽ እነሕዝን እንተ ኾና ጉዕዞ ሕይወትና ከቢድ ይገብሮ። ኣሚና ምስኡ እንተ ተጎዓዝና ኣብቲ ከርፋሕን መሪርን ዝኾነ ጉዕዞ ሕይወትና ከመርሓና እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ክርስቶስ ኣብቲ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ሕያው መግቢ ዝኾነና ናብቲ ዝምግበናን ሓይሊ ዝህበናን ክመርሓና እዩ። ጳውሎስ ነዚ ከመይ ገርና ክንረኽቦ ከም እንኽእል ክነግረና እንከሎ "ነቲ ንመዓልቲ ምድኃን እተኃተምኩምሉ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጕህይዎ፥ ብዘሎ ምረትን ነድርን ቍጥዓን ታዕታእን ጸርፍን ምስ ዅሉ ክፍኣት ካባኻትኩም ይርሓቕ፥ ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም ንሓድሕድኩም ለዋሃትን ርኅሩኃትን ኰንኩም ይቕረ ተበሃሃሉ" (ኤፌ 4፡ 30-31) ይብል።

ኢየሱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ብፍላይ ብፈሪሳውያን ዅሉ ጊዜ ዓቢ ተጻብኦ ይጓነፎ ነሩ። ፈሪሳውያን ይኣምንዎ ኣይነበሩን፥ እንተ ተኻእሎም ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ዋጋ ክኸልኡ ግጉይ ትምህርትን ዘረባን ይዝርግሑ ነሮም። ኢየሱስ ግን ብግብሮም ኣይሰንበደን ካብ ምምሃርን ምንጋርን ዓዲ ኣይወዓለን። ኣብቲ ክበሎ ዝደለ ኣተኩሩ የስተምህር ይነግርን ነሩ። ንሱ ከምቲ ንኢልያስ እቲ ዝተመገቦ መግቢ ሕይወት ኮይኑ ከምብሓዲስ ከም ዝጉዓዝ ዝገበሮ ከምኡ ኢየሱስ ሓዲስ መግቢ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ዕለት ዕለት ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ብቅዱስ ቊርባን ኣቢሉ ክምግበና ሓይሊ ክህበና ኣብኡ የቕርበና። ንሱ ብመንፈስ ቅዱሱ በቲ ዝመርሓናን ኣብ ቅኑዕ መገዲ ከም እንጉዓዝ ዝገብረናን ይመልኣና። ንሱ መግቢ ሕይወት ነቲ መንፈሳዊ ጥመትና ዘጽግብ እዩ። ክርስቶስ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ከምቲ ኣብ ምድረ በዳ ንኤልያስ ዝተባህለ፥ ተንሥእ፥ ብላዕ፥ ስተን ጉዕዞኻ ብምሉእ ተስፋን ሓዲስ መንፈስን ተጎዓዝ ይብለና።

ጉዕዞ ሕይወት ዝተሓባለኽን ከቢድን ከም ዝኾነ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ተመክሮ ሕይወትና ወይ ኣብ ሕይወት እንፈልጦም ንርእዮ ኣሎና። ብዙሓት ንክርስቶስን ንጸግኡን ኣብዮም ገለ ኣብ ናይ ገዛ ርእሶም ዓቕምን ክእለትን ተመስሪቶም ኣየድልየናን ዝብሉ ገለ ኸኣ ሰይጣን ተዓዊትሎም ንመገዲ ጸጋም ደፊሮም ከመርጹ ምርኣይ ናይ ዘመና ፋሽን እዩ እንተ ተባህለ ጌጋ ኣይመስለንን። ኣምላኽ ዘይ መርሖ ሕይወት ሒዝካ ምጉዓዝ ሳዕበኑ ጥልመት ጥፍኣት ህውከት ምፍልላይ ከምኡ

ከይተነሳሕካ ምማት እዩ። ነዚ ርኢና አብቲ ምንጪ ሕይወትና ዝኾነ ክርስቶስ ክንምለስ ዓይንና ክንርኢ እዝንና ሰናይ ክሰምዕ ሎሚ ምሰዲኡ ኮና ንለምኖ።

ማርያም ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና። ጉዕዞ መገዲ ሕይወትና ጠፊኡና ዓነውነው ክንብል እንከሎና መምርሒና ገርና ነቲ ንሱ ብቤተ ክርስትያኑ ዝብለና ምስማዕ እዩ ዘድልየና። ሎሚ እንታይ ይብል አሎ? አብ እንታይ ኢና ደኺምና ዘሎና ኢልና ጉዕዞና ክንርኢ የድሊ። እቲ ወሪዱና ዘሎ ብዙሕ እኳ እንተ ኾነ እቲ ቀንዲ፡

- ንአምላኽ ብርእስና ተኪእናዮ አሎና። አነ ዝብል መንፈስ ነጊሱ ኩሉ ከም እንፈልጥ ሓንቲ ከምዘየድልየና ኮና ንጉዓዝ አሎና። ፍጡራት ድኹማት ተጓገይቲ ምኳና ዘንጊዕና አብ ጸልማት ንጉዓዝ አሎና ስለዚ አምላኽ ልዕሊ ኩሉ ገርና ክንርኢ ይግብአና።
- ፍቕርን ሰላምን ጠፊአናን አለዋ። ንአምላኽ ዝሓደገ እተን ቀዳሞት ዘጥፍአን ፍቕርን ሰላም እየን። አምላኽ ዘይብሉ ሕይወት ጽቡቕ ክገብር አይክእልን እዩ። ጽቡቕ ክንረክብ ሰላም ክወርድ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ንአምላኽ ሎሚ ንርከቦ።
- አብ መአዲ ክርስቶስ ንሳተፍ። ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ ዝሰቲ ሕይወት አለዎ ኢሉና ክርስቶስ። ሕይወት ክንረክብ ጉዕዞ ሕይወትና ብቅድስና ክንመርሕ ተሳተፍቲ መአዲ አምላኽ ክንከውን አሎና። ምስ ክፍአትና ከሎና ልብና ተረሓሒቑ እንከሎ አብ መአዲ አምላኽ አይንቕረብ፥ መጀመርያ ምሉእ ንስሓ ንግበር።

አብ መወዳእታ ከም ኤልያስ ጓሂና ሎሚ አብ ሓጎስ ክቕየረልና እዩ። አብ ሕይወትና ዝስምዓና ጽምዋ ተስፋ ቁርጸት አብ ሓጎስን አብ ምሉእ ተስፋን ክቕየረልና እዩ ምኽንያቱ “ምሸት እኳ ብኽያት እንተ ኾነ ንግሆ ግና እልልታ ይኸውን” (መዝ. 30፡5)። ተስፋ ክንቆርጽ የብልናን። ንዝጓነፈና ጸበባን ፈተናን ክንሓልፎ ጸጋ አምላኽ የድልየና ስለዚ ክንልምን አሎና። ባዕሉ ክርስቶስ ኳሕኵሑ ክኽፈተልኩም ለምኑ ክውሃበኩም ኢሉና” አሎ፥ ክንልምን እንከሎና ንርእስና አብ ኢድ አምላኽ ስለ እነንብር ኵሉ ይህበና። ሰብ ሎሚ ንአምላኽ ምልማን ጠፊእዎ ንርኢ አሎና።

አብ አምላኽ ክንቀርብ ንጽዋዕ አሎና። ካባና ዘድሊ “እግኢአብሔር ሡናይ ምኳኑ ጥዓሙን ርአዩን” (መዝ. 34፡8) ዝብል አብ ልብና ገርና ምጉዓዝ እዩ።

ጉዕዞ ሕይወትና ምስታ አብ ዕጸ መስቀል እንከሎ ዝሃበና አደና ክንገብሮ እንከሎና ዕዉትን ምሉእ ተስፋ ዝለበሰን ክኸውን እዩ። ኦ ማርያም አደና መገዲ ወድኺ ምርሕና ኢልና ንለምና።

ቅድስና ዝመልኦ ምህልላ ዘመነ ፍልሰታ፥ ሰምን ፍቕርን ንስሓን ዘውርድ ይግበረልና!

አባ ንጉሠ ፍሥሓ